# መዓልቲ ሓበን... መዓልቲ ዝኽሪ
# ር.ያድ ሱዑዲ ዓረብ

ዝኽሪ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ከተማ ር.ያድ ሱዑዲ ዓረብ ብዕለት 19 ሰነ ምሸት ካብ ሰዓት 9.00 ክሳብ ወጋሕታ 20 ሰነ ሰዓት 1.00 ወጋሕታ ብክብ ዝበለ ማዓርግን ክብርን ተኸቢሩ ሓዲሩ። ኣብ'ዚ ልዕሊ 1000 ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት ልክዕ ሰዓት ትሽዓተ ብቐሰኑ ሰማእታትና እትብል መዝሙር ተጀሚሩ። ቀጺሉ መንእሰያት ተማሃሮ ናይ ትሽዓተ ብሄራት ባህላዊ ልባስ ዝተኸድኑ ትሽዓተ ሽምዓ ኣብ ዙርያ ካርታ ኤርትራ ወሊያም።
ቀጺሉ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሱዑዲ ዓረብ ኣቶ መሓመድ ዑመር ማሕሙድ ንዝክሪ እቲ ዕለት ቃል ኣስሚዑ። ኣምባሳደር ዑመር ኣብ መደረኡ "ሃገርና ኑጹር ራእይን ነጻ መስመርን ስለእትውንን፣ ነዚ ዘይተዋሕጠሎም ዓበይትን ነኣሽቱን ጸላእትናን ወከልቶምን ንሃገርና ከም ዒላማ ሒዞም ውዲት ክኣልሙ ከይደቀሱ ይሓድሩ ኣለዉ። ስለ'ዚ ነዚ ክቡር ዕለት ክንዝክሮ እንኮሎና ነቲ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ዝተረጋገጸ ነጻነትን ቀጺሉውን ሉዕላውነትና ዳግማይ ንምውሓስ ህዝብና ዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ ብምዝካር፣ ሓያልን ብልጽግትን ጸላእታ ዘይደፍርዋ ኣብነታዊት ሃገር ንምህናጽ ብዘይምስልካይ ክንሰርሕ ይግባእ" ድሕሪ ምባል፣ ዓመተ 2009 ዓ መተ ምንባይ ስድራቤት ስውኣት ንክትኸውን ብምሕባር ኩሉ ዜጋ ብብዓቕሙ ኣበርክትኡ ከሓይል ኣተሓሳሲቡ። ቀጺሉውን ምክትል ኣቦወንበር ማሕበረኮም ኤርትራ መምህር ዘርኣብሩኽ ተስፋዝጊ ቃል ማሕበረኮም ኣስሚዑ።
ሲዒቡ ድማ ብሙዚቃ ዝተሰነየ ንመዓልቲ ሰማእታት ዘንጸባርቕ ግጥምታት ብትግርኛን ዓረብን ትግረን እንግሊዝን ብተማሃሮን ዓ በይትን ቀሪቡ። ብምክትታል ድማ መንእሰያት ኣብ ቃልሲ ኤርትራ ዝተገብረ ጅግንነታዊ ስራሕን መስዋእትን እትገልጽ ብሙዚቃ ዝተሰነየት ድራማ ኣቕሪቦም ካብ ህዝቢ ኣድናቖት ረኺቦም።

ሽማግለ ባዓላት ርዝነትን ክብደትን ናይዚ መዓልቲ ኣመልኪታ ህዝቢ ስድራቤት ስውኣት ንምሕጋዝ ግብራዊ ስጉምቲ ንክወስድ ድሕሪ ምትሕስሳብ ተሳተፍቲ ዝኽሪ ሰማእታት ብብሓደ ብምትንሳእ በብዓቕሞም ኣበርክትኦም ኣወፍዮም። በዚ መሰረት ድማ ሸዑ ምሸት ጥራሕ 60 ሰባት ካብ 1 ክሳብ 10 ብጠቕላላ 85 ስድራቤት ስውኣት ክሕጉዙ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም። ብተወሳኺ ንመናበዪ ስድራቤት ዝውዕል፣ ማሕበረኮም ር.ያድ 10,000 ር.ያል፣

ንኡሳን ጨናፍር ህ.ግ.ደ.ፍ 13,000 ርያል፣ ሃ.ማ.ደ.ኤ ጨንፈር ርያድ 4900፣ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ጨንፈር ርያድ ፖስተራት ብምሻጥ ዝኣከብዎ 945 ርያል፣ ኣብዚ ምሸት ኣርባዕተ ጨረታ ተኻይዱ 9200 ርያል ክኣቱ እንከሎ ህዝቢ ብጥረ ገንዘብ ሽዑ ዘበርከቶ 9,514 ርያል ሱዑዲ ብጠቕላላ ብሓደ ምሸት 47,559.00 ርያል ሱዑዲ ኣታዊ ኮይኑ። ናይ 85 ስድራቤት ስውኣት መናበዪ መብጽዓ ድምር ገንዘብ 234,600.00 ኩሉ <u>ብጠቕላላ ድማ 282,159.00 ርያል ሱዑዲ</u> እዩ። ህዝቢ ርያድ ከም ልማዱ ታሪኽ ሰሪሑ ኣሎ። ኣብ 2006 መዓልቲ ስውኣት ህዝቢ ርያድ ንክልተ ዓመት 1 ካብ ሚእቲ ንኽሽፍል ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣብ ግብሪ ከም ዝተረጎሞ ዝዝከር እዩ። ኣብ ዝሓለፈ 2008 ናይ መኸተ ዓመት እውን ኣስታት ኣርባዕተ ሚልዮን ርያል ስዑዲ ኣታዊ ጌሩ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ። <u>ህዝቢ ርያድ 20 ሰነ ብግብራዊ ተሳትፎኡ መዓልቲ ዝኽርን መዓልቲ ሓበንን ክትከውን ኣብቂዒዋ</u>። እቲ ወፈያታት ጌና ቀጻሊ ኣሎ። ብሓቂ ድማ ተሓቢኑ ዘሕብን ህዝቢ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!

ሽማግለ በዓላት ርያድን ከባቢኣን